ግዜ ትጽቢት ዑቕኣባ ንዝሓተትካ

ኣብዚ እዋን ኣዚ እዞም ዝስዕቡ ጉዳያት ኢና ነሳልጥ ዘለና

ብዙሓት ሓተቲ ዑቕኣባ መልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕኣባኦም ንምርካብ ነዊሕ ዝተጸበዩ ኣለው። ምጽባይ ከቢድ ከም ምኻኑ ይርድኣና ኢዩ።

ጉዳያት ናይቶም ኣብ 2023ን ኣብ ቀዳማይ መንፈቕ ናይ 2024ን ዝሓተቱ ኢና ነሳልጥ ዘለና።

ከም ዋና ስርዓት ኣሰራርሓና ዘዝቐደሙ ጉዳያት ኢና ኣቕዲምና ነሳልጥ፡ ናይ ቤተሰብ ወይ ብካልእ መቐርብ ንዝኾኑ ኢና ብሓደ ኣተኣሳሲርና ነሳልጥ። ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ጉዳይካ ብዝምልከት ወላ እንተደወልካልና እውን ተወሳኺ ሓበሬታ እንህበካ ኣይከህሉን ኢዩ።

ቃለመሕተት ንከተካይድ ግዜኻ ምስ ኣኽለ ትሕበር ኢኻ

ቃለመሕተት ኣተካይደሉ እዋን ተራኻ ምስ ኣኽለ ንሕብረካ ኢና። ክትውከሰና ኣየድልየካን ኢዩ፡ ባዕልና ክንውከሰካ ኢና።

እትቐመጠሉ መዓስከር ንቃለመሕተት መዓስ ክትጽዋዕ ከም ምኽንካ ብዝምልከት ወላ ሓንቲ ተራ የብሉን። ንቃለመሕተት ንክትጽዋዕ ይኹን ንመልሲ ጉዳይካ ብዝምልከት እውን ዝኾነ ይኹን ወሳንነት የብሉን።

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/ UDI ንጉዳይካ ብኽመይ ኢዩ ርእዩ ዝውሰኖ፧

ገሊኣም ጉዳያት ካብ ናይ ካልኦት ብዝያዳ ቀልጢፎም ዝሳለጡ ኣለው

ካብ ዝተፈላለዩ ሃገራት ሓያሎ ሓተቲ ዑቕኣባ ኢዮም ዝመጽኡ። ኣብ ዘዝመጽሉ እዋን ድማ ናይ ኩሎም ጉዳያት ብሓንሳእ ርኢናን ወሲናን ብውዑዩ ከነሳልጦ ኣይንኽእልን ኢና። ናይ ገሊኣም ጉጅለታት ጉዳያት ግና ኣቕዲምና ከነሳልጠሎም እንግደደሉ ኣሎ። እቶም ቀልጢፍና ከነሳልጦም እንግደድ ጉዳያት ድማ ከምዞም ዝስዕቡ ይመስሉ፡

- ብሕጊ ደብሊን ዝርኣዩ ጉዳያት፡ ሓያሎ ጉዳያት ብስምምዕ ሕጊ ደብሊን ዝርኣዩ ኮይኖም ናብታ ጉዳዮም ክትርእዮ ዘለዋ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ክምለሱ ዘለዎም ሓተቲ ዑቕኣባ።
- ብወገን ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛትታ ዑቕኣባነት ዘየድልዮም ዝተባህሉ ጉጅለታት፡ ከም ንኣብነት ካብ ውሕስነት ዘለዋ ሃገር ኢዮም መጺኦም ተባሂሎም ሽዑ ንሽዑ ክምለሱ ዘለዎም ሓተቲ።
- ስድራቤታት ቁልዑ፡ ብዘይ ወለዲ ወይ ኣልዩ ንዝመጽኡ ቁልዑ፡ ከም ግቡእ ብቐዳምነት ተታሒዙ ብቕልጡፍ ክሰላጥ ዘልዎ ጉዳይ እውን ኢዩ።

ኣካል ካብዞም ኣብ ላዕሊ ተጠቒሶም ዘለው ጉጅለ እንተድኣ ዘይኮይንካ፡ ንቃለመሕተት ክትጽዋዕን ጉዳይካ ተራእዩ ክሳብ ዝውሰንን ነዊሕ ግዜ ክወስድኡ ይኽእል ኢዩ። እዚ ዝኾነሉ ምኽንያት ጉዳይካ ኣበር ስለ ዘለዎ ወይ ከኣ ስለ ዝረሳዕናካ ኢዩ ማለት ኣይኮነን።

ኣብ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ/Nasjonalt ankomstsenter ኣብ እትቕመጠሉ እዋን

ኩሎም እቶም ኣብ ኖርወይ ዑቕባ ዝሓቱ፡ መጀመርታ ኣብ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ጉዳዮም ብምምልካት ክምዝገቡ ኣለዎም። ኣብዚ ንሓጺር እዋን ጥራሕ ኢኻ ክትጸንሕ፡ ምኽንያቱ ዘዝመጽኡ ሓደሽቲ ቦታ ንክረኽቡ።

መብዛሕቲኦም ናብ ስሩዕ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ኢዮም ዝግዕዙ፡ ኣብኡ ኸኣ ክስብ ንቃለመሕተት ዝጽውዑን ጉዳዮም ተራእዩን ተወሲኑን ዝውዳእ ድማ ኣብኡ ይጽበዩ።

ከም ሓታቲ ዑቕባ መጠን ኣብዚ ሃገራዊ ማእከል መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ቃለመሕተት ንክተካይድ ብዝኽኖ ይኹን መንገዲ ንክትመርጽ ወይ ጽልዋ ንክተሕድር ተኽእሎ የለን። ኣብ ከከም ብዝሒ ሓተቲ ዑቕባ ምሳኻ ዝመጽኡ ዝሙርኮስ ኢዩ።

ኣብ ስሩዕ መዓስከር ሓተቲ ዑቕባ ኣብ እትቕመጠሉ እዋን

እንተድኣ ናብ ሕደ ስሩዕ መዓስከር ከይገዓዝካ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/ UDI ቃለመሕተት ዘየካይዱልካ፡ ንቃለመሕተት ክሳብ ትጽዋዕን ጉዳይ ሕቶ ዑቕባነትካን ክሳብ ዝመለሰልካን ነዊሕ ግዜ ክወስድ ይኽእል ኢዩ።

ኣብየ መዓስከር ተሓተቲ ዑቕባ ኣብ ኖርወይ ኣሊኻ፡ ንግዜ ትጽቢት ወላሓደ ተራ ዘለዎ ኣይኰነን።

ምቕማጥካ ኣብ ብሕታዊ ቦታ ምስ ዝኹውን

እንተድኣ ንብሕትኻ ትቕመጥ ኣሊኻ ኰይንካ፡ ማለት ከምኒ ምስ ስድራቤት፡ ወይ እንዳ መሓዙት፡ ግዜ ትጽቢት ካብቶም ኣብ ናይ ስሩዕ መዓስከር ተሓተቲ ዑቕባ ዝቕመጡ ዝፈልዮ ወላሓንቲ የብሉን። ንቃለመሕተት ንክንጽዋዕካን መልሲ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባነትካ ንክንህበካን ክንረኽበካ እንኽእለሉ መወከሲ ኣድራሽኻ፡ ኢ-መይልካን ቁጽሪ ስልክኻን ክትህበና ኣዘዩ ኣገዳሲ ኢዩ።

እናተጸበኻ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንጉዳይካ እንታይ ኢዩ ዝገብሮ፧

ዑቕባ ኣብ እትሕተሉ እዋን፡ ዘመልከትካዮ ጉዳይ ሕቶ ዑቕባነትካ ንሓደ ካብ ተሓዝቲ ጉዳያትና ብምሃብ ክሳብ ግዜ ዝረኽብሉ ኣብ መስርዑ ይጸንሕ። እዚ ማለት ከኣ ጉዳይካ፡ ክሳብ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ንቃለመሕተት ዝጽውዓኻ፡ ሓደ ዝሕዞ ኣሳላጢ የለን ማለት ኢዩ። እንርስዖም ጉዳያት ግና የብልናን።

ንቃለመሕተት ንክትጽዋዕ ግዜ ዝወስደሉ ምኽንያት እንታይ ኢዩ፧

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ንቃለመሕተት ዝኣክል ግዜ ኢዩ ዝምድብ፡ ከም ልሙድ ሓደ ምሉእ መዓልቲ ኢዩ ዝምድብ። ነፍሰ ወከፍ ጉዳይ ድማ ሓያል ኣተላልማ ኢዩ ዝሓትት። ስለዚ ድማ ንኹሎም ነቶም ንኖርወይ ዘዝመጹ ቃለመሕተት ንክተካይደሎም ብዙሕ ግዜ ይወስድ።

ድሕሪ ቃለመሕተት ምኽያድካ መልሲ ንክወሃበካ ዝወስደሉ ግዜ ክንደይ ኢዩ፧

ኣብ መብዛሕቲኦም ጉዳያት፡ ደድሕሪ ቃለመሕተት ምውዳኡ ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI መስሲ ጉዳይ ቀልጢፉ ኢዩ ዝህብ። ይኹን ድኣ'ምበር ኣብ ገለ ገለ እዋናት ዝያዳ ግዜ እንጥቀመሉ እዋናት ኣሎ'ዩ። እንተ ዝሃብካዮ ሓበሬታታት ጥልቕ ኢልና ንክንርእዮ ንግደድ፡ ወይ'ውን ቅድሚ ጉዳይካ ምስላጥና ብዛዕባ ኩነታት ሃገርካ ዝያዳ ክንፈልጦ ዘለና ክህሉ ስለ ዝኽእልን ኢዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ድሕሪ ቃለመሕተት ምኽያድካ መልሲ ጉዳይካ ንክንህበካ ግዜ ይወስደልና ይኽእል። መልሲ ዘይወሃብ ግና የለን።

ጉዳይካ ብዝቕልጠፈ ንክሰልጥ ብወገንካ ክትገብሮ ዘድልየካ ነገር ኣሎ'ዩ፧

ንፖሊስ ዘየረከብካዮም ሰነዳት መንነት እንተድኣ ኣለውኻ ኰይኖም፡ ኣብ ዝቕልጠፈ ግድን ከተረክቦም ኣለካ።

- ዝርከቡ መበቁላውያን ሰነዳት መንነት እንተሃልዮምኻ፡ ንፖሊስ ዞባ ከባቢኻ ኢኻ ክተረክቦም ዘለካ።
- ቅድሓትን ስእልታትን እንተሃልዮምኻ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ኢኻ ክትሰዶም ዘለካ።

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት ብምሉኦም ሰነዳትካ ንክህልውዎ ኣገዳሲ ኢዩ። ጉዳይካ ካብ ዘድሊ ግዜ ንላዕሊ ንክይወስድ ብምልኦም ሰነዳትካ ብምሳድ እጃምካ ከተበርክት ትኽእል ኢኻ።

ኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ብዝምልከት ክህበካ ዝኽእል ኣየኖት ሓበሬታታት ኣለው፤

ሓያሎ ሰባት ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ጉዳዮም ንክሓታትቱ ንኣብያተጽሕፈት ጉዳያት ወጻእተኛታት/UDI ዝውከሱ ኣለው። ንብስልኪ ንዝድውሉ ብዛዕባ ግዜ ትጽቢት ካብ ኣብ መርበብ ሓበሬታና udi.no ዘሎ ወጻኢ ክንህቦም እንኽእል ካልእ ሓበሬታ የለን።

ጉዳይካ ንምርኣይን ምውሳንን ካባኻ ተወሳኺ ሓበሬታ እንተድኣ ኣድልዩና፡ ክንውከሰካ ኢና።

ጉዳይይካ ካብ ተርታ መስርው ንቕድሚት ክሓልፍ ይኽእል ድዩ፤

እቶም መብዛሕቲኦም ኣብ ኖርወይ ዐቕኣ ዝሓቱ፡ ጉዳዮም ቀልጢፉ ክሳለጠሎም ኢዮም ዝደልዩ። ጉዳይካ ንቕድሚት ከነሕልፎ እንተኾይና ግድን ገለ ፍሉይ ምኽንያት ክህልወካ ክኽእል ኣለዎ።

ሕደሳ ሓበሬታታት

እዚ ሓበሬታ እዚ ወዳእታ ዝተሓደሰሉ እዋን፡ ወርሒ ሕዳር 2026

ዝቕጽል ሓድሽ ሓበሬታ፡ 15 ለካቲት 2027